# ቦርድ ማሕበር ኣካለ ጹጉማን ኤርትራ ንጉባኤ

## እተዳሉ ኣሳናዳኢት ሽማገለ ኣቒሙ።

ብዕለት 05/08/2019 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ሃገረ ጀርመን ፡ ካብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ዝመጹ ወከልቲ ዝተሳተፍዎ ኣባላት ቦርድ፡ ንካብ ምምሕዳር ማሕበር ዝቀረበ እዋናዊ ህልዋት ብጾት ኣብ መደበር ዝእለዩ ዘሎዉን ወጻኢ ካብ መደበርን ምስ ስድራኦም ዝነብሩ ዘሎው ጸብጻብ ብምስማዕ ንብዝያዳ ምሕያሉን ምስፍሑን ሓደስቲ መድባት ንምስራዕን ኣብ መጨርስታ ዓመተ 2019 ጉባኤ ንምክያድ ወሲኖም። ንጉባኤ እተዳሉን ቅዋም ማሕበር እተጽንዕን፡ 6ተ ዝኣባላታ ኣሳናዳኢት ሽማገለን ሓደ ወለታዊ ዝተሓበበር ኣቑሙ። ኣሳናዳኢት ሽማገለ ብወገና ብዕለት 13 መስከረም 2019 ተራኺባ ኣቦ መንበርን ዋና ጽሓፍን ሰምያ ናይ ስራሕ ምምቅቃል ገይራ ። እታ ሽማገለ ነቲ ዉፉይ ታሪኻዊ ተበግሶ ናይ ብጻይ ተስፋይ ተኽልዝጊ ኣቦ መምበር ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኣድኒቆም፡ ናይ መጎስን ናእዳን፡ ምንዮት ምሉእ ጥዕናን ዕድመን ዝገልጽ ደብዳበ ሊኢኾምሉ።